# ን10 መዓልታት ዝካየድ ናይ ለይትን-መዓልትን ጸሎት ዝምልከት መምርሒታት

## ካብ 2006 ጀሚሩ ክሳዕ 2010 ከምኡውን ድሕሪኡ ዝካየድ ነፍስወከፍ ዓመት
## (ካብ መዓልቲ ምንጣቕ ክሳዕ ቅድሚ ሰንበት ብዓል ሓምሳ ዘላ ቀዳም ምሸት)

**ኣብዘን 10 መዓልታት፡ እዚ ዝስዕብ ክንገብር ንፈቱ፤**

- ኣብ መላእ ሃገራት እትርከብ ማሕበር የሱስ ክርስቶስ፡ ክብሪ ኣምላኽ (እብ 2፡14) ኣብ ምድሪ መታን ክግለጽ ኣብ ትሕቲ ጽላል ጸሎት ኣብ ኩላ ዓለም፡ ኣብ ነፍስወከፍ ሃገር ን10-መዓልቲ ዝጸንሕ ናይ 24-7 ሓለዋታት ጸሎት ምግባር
- ማሕበራት ኣምላኽ፡ ኣባይቲ ጸሎት መታን ክኾና ንኽሕደሳ ምጽላይ
- ስለቶም ኣብ ጥፍኣት ዘለው ጒሮባብትን ዘይተበጽሑ ኣህዛብ ዓለምን ምጽላይ
- ባህላዊ፣ ቁጠባውን ፖለቲካውን ምሕዳስ ኣብ ሕብረታትና፣ ኮማትና፣ ዓድታትና/ከተማታትና፣ ሃገርና፣ ኣህጉርና መታን ክህሉ ምጻላይ

**ኣብዘን ናይ 10 መዓልታት ጸሎት ክትሳተፍሉ እትኽእልሉ ክልተ መንገድታት**

**ሀ፡ ን10 መዓልታት ዝግበር ጸሎት (ገለ ምኽርታት)**

- ብቤተሰብ ደረጃ ወይ ድማ ኣብ ገዛኹም ኣብ ዝግበር ኣኼባ ንእሽቶ ጉጅለ ኬንኩም ብሕብረት ጸልዩ
- ንኡሳን ጉባኤታት ወይ ዝተወጠኑ ፍሉያት ናይ ጸሎት ግዝያት መታን ክካየደሉ፡ ደጌታት ቤተክርስትያን ከምዝኽፈት ግበሩ
- ሓንቲ መዓልቲ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ወይ ድማ ኩለን 10 መዓልታት ጹሙ
- ኣብ መስመር ተሌፎን ኬንኩም ጸልዩ ወይ ንጸሎት ኢልካ ናይ ኮንፈረንስ ጻውዒት ተሌፎን ከምዝህሉ ግበሩ
- ኣብ ቅድመ-ወጋሕታ፡ ኣኼባ ጸሎት ከምዝህሉ ግበሩ
- ኣብ ናይ ምሳሕ ሰዓት፡ ኣኼባ ጸሎት ከምዝህሉ ግበሩ
- ዓሰርተ ማሕበራት ኣምላኽ ንኽሓብራ ብምሕታት፡ ነፍስወከፍ ማሕበር ድማ ሓንቲ መዓልቲ ብምውሳድ ኣብ መመዓልቶም ናይ 24 ሰዓታት ጸሎት ከምዝህልዎም ግበሩ
- ኣብ እትግልገሉ ማሕበር፡ ናይ 40 ሰዓታት ዘየቋርጽ ጸሎት ግበሩ

**ለ: ተግባራዊ መምርሒታት 10 መዓልታት ናይ መዓልትን ለይትን ጸሎት**

ከምቲ ቀዳመይቲ ቤተክርስትያን ኣብ ግሃ 1 ዝጸለየቶ፡ ካብ 2006 ክሳዕ 2010 ዝኸይድ ቅድሚ መዓልቲ ሰንበት ብዓል ሓምሳ ዘለዋ 10 መዓልታት ግዜ ከሕልፉ፡ ንማሕበራት፣ ኮማት፣ ከተማታትን ሃገራትን ነተባብዕ ኣሎና።

- እዚ ናይ 10-መዓልቲ መምርሒ ጸሎት፡ ኣብ ሓደ ኣርእስቲ ብምትኳር መታን ክንጽሊ ተወሳኺ ናይ ጸሎት ሓበሬታ ክህበና ተዳልዩ ኣሎ።
- ፍሉይ ናይ ጸሎት ክፍሊ/ገዛ ብምርካብ፡ ነቶም ዝጽልዩ ሰባት *ን10 መዓልታት* ብሓደ ኣክብዎም። ለውጢ ስለዘምጽእ - በዚ ነገር'ዚ ኣዚኹም ጽንዑ።
- ኣብ ናይ ጸሎት ክፍሊ ወይ ናይ ጸሎት ቦታ፡ ገለ መደበራት ጸሎት ኣቐሙ፤ ንኣብነት፡ መንደቕ ኣምልኾ (መዝሙርን ህያው ኣምልኾን)፣ መንደቕ ተስፋ (ተስፋታት ቃል ኣምላኽ ብምጽሓፍ ኣብ መንደቕ ጠቅዑ)፣ መንደቕ ልማኖ (እቶም ዝጽልዩ ሰባት፡ ኣብ መንደቕ ዝልጠፍ ልማኖ መታን ክጽሕፍሉ ወረቓቕቲ ኣዳልው)፣ መንደቕ መልሲ ጸሎት (ሰባት መልሲ ናይ ጸሎት ዝጽሕፍሉ ገለ ቦታ ኣዳልው)፣ መንደቕ ፈጠራ (ሰባት ኣብ ግዜ ጸሎቶም ዘዳለውዎ ስርሓት ጥበባቶም፡ ግጥምታት፡ ወዘተ ከርእይሉ ዝኽእሉ ገለ ቦታ ኣዳልው)፣ መንደቕ ምምላድ (እቶም ዝጽልዩ፡ ኣስማት ዝጽልይሎም ውልቀሰባት - ሕሙማት ሰባት፡ ዘይድሓኑ ኣዕሩኽቲ/ኣባላት ቤተሰብ፡ ወዘተ - ዝልጥፍሉ ቦታ)፣ ኩርናዕ ብሕትውና (ሰባት ንበይኖም ብዘይረበሻ ዝኾኑሉ ቦታ)፣ ወዘተ።
- ተግባራዊ ተልእኾታት ጸሎት፡ እንተተኻኢሉ፡ ኣብ ቤት ትምህርታት ዘለው መምሃራን፡ ኣብ መደበራት ፖሊስ ዘለው ኣባላት ፖሊስ፡ ወነንቲ ድኳናት፡ ኣብ መጸበዪ ታክሲ፡ ዕዳጋታትን ዘለው ሰባት ብምኻድ ምጽላይን ወይ ድማ ኣብ ማእከል ዕዳጋታት ንሓደ ወይ ክልተ መዓልቲ ናይ ጸሎት ቦታ ምቑም።
- ኣብቶም ትሰርሑም ተግባራዊ ጉዳያት ዝሕግዝኹም ምምሕዳራዊ ተመክሮ ዘለዎም ገለ ሰባት ርኸቡ።
- ኣመንቲ፡ ግጥምታቶም፣ ልማኖታቶም፣ መልስታት ጸሎቶም፣ ስርሓት ጥበቦም፡ ወዘተ ክጽሕፉ መታን ክኽእሉ ወረቓቕትን ብርዕታትን ምድላው ኣይትረስዑ።
- ንዝጽልዩ ሰባት ናብ ቦታታት ጸሎት፡ ብፍላይ ምሸት፡ ንምምጻእ ብትራንስፖርት ክሕግዝኹም ዝኽእሉ ገለ ሰባት ርኸቡ።
- ቡን፡ ሻሂን ማይን ድልው ግበሩ።
- ኣብ መዓልቲ ን24 ሰዓታት ክፉት ኮይኑ ዝውዕል ዓይኒ-ምድሪ ከምዘሎ ኣረጋግጹ።

- ኣብ 24-7 ሓለዋ ዘላ ዞባዊት ቤተክርስትያን እንተዘይኮይኑ፡ እንተተኻኢሉ፡ ኣብታ ቤተክርስትያን ናይ መንደቕ ሰዓት ከምዘይህሉ ግበሩ።
- ጉጅለ ንኣሽቱ መንእሰያት፣ ዓበይቲ ጉጅለታት ጸሎት፣ ዞባዊት ማሕበርን፡ ሓያሎ ዞባውያን ማሕበራት ወይ ድማ ኣብ ከባቢ ከተማ ወይ ዞባ ዝርከባ ማሕበራት፡ ናይ10 መዓልታት ሓለዋ ጸሎት ኽገብራ ነተባብዕ።
- ዓይነት ናይቲ ቦታ ብምርኣይ፡ እንተኣድለየ፡ ናይ 24-ሰዓት ሓለዋ ከምዝህሉ ግበሩ።
- ንሽማግለታት ከምኡውን ንኣሽቱ ቆልዑ ዘለውወን መንእሰያት ኣዴታት፡ ንግዜ ቀትሪ ብጉጅለታት ንኽመጹ ግዜ ስርዑ፣ መንእሰያት ኣብ ቀዳመ-ሰንበት ዝጽልይሉ ግዜ ከምዝህልዎም ግበሩ (ንኣብነት፡ ዓርቢ ወይ ቀዳም ምሉእ ለይቲ፣ ኣብ ሓለዋ ጸሎት ዘለውሉ ግዜ ዝድቅስሉ ግዜ ከምዝህልዎም ግበሩ)።
- ሓንቲ ናይ ሓለዋ ጉጅለ ነታ ኣቐዲማ ዝነበረት ናይ ሓለዋ ጉጅለ ክትርከባ ከላ፡ ናይ ጸሎት ምርኽኻብ ይገበር።
- ድሕሪ እቲ መደብ፡ ንድኻታትን ጽጉማት ሕብረተሰባትን ክውሃብ ዝከኣል ክዳውንቲ፤ መግቢ፡ ኣቑሑ ገዛ፡ ኮቦርታ፡ ወዘተ ናብ ናይ 10 መዓልታት ሓለዋ ክመጹ ከለው ከምዝማልኡ ክትገብሩ ጽቡቕ ሓሳብ እዩ። እዚ ህያባት፡ ንሓደ ማሕበረኮም ክትህቡ ከለኹም፡ ናብ ገዝኦም ብምኻድ ምስኦም ኴንኩም ብምጽላይ ብስም የሱስ ባርኽዎም።
- ጉጅለታት ኣምልኾ፡ ሓንሳእ ወይ ክልተ ሳዕ ኣብ መዓልቲ ንኽልተ ሰዓት ዝኸውን ሓለዋ ኣምልኾ መታን ክገብሩ፡ ሓለዋታት ኣምልኾ ከምዘጠቓልል ግበሩ።

**ንቐጻሊ ግዜያት ክግበር ዝከኣል ውሑድ (ገለ ገለ) ሓሳባት፤**

- ኣብ ቤት ትምህርትኹም፡ ን10 መዓልታት ክጽልዩ ዝኽእሉ ሰባት ወድቡ፤ ወለዲ ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ ግዜ ክጽልዩ፡ ንስኹምን ካልኦት መምሃርትኹምን ድማ ኣብቲ ትምህርቲ ዘይብልኩም ዝተረፈ ግዜ ናይቲ መዓልቲ ዋላውን ለይቲ ከምእትጽልዩ ግበሩ።
- ኣብ ቀዳመ-ሰንበት፡ ን40 ሰዓታት ናይ ጸሎት ግዜ (ዓርቢ18፡00 ክሳዕ ሰንበት 12፡00) ክወስዱ ዝኽእሉ ጉጅለ መንእሰያት ከምዝህልው ግበሩ።
- *ን10 መዓልታት ብሓደ ኴንኩም ብምሕባር እትጽልይሉ ገለ ጉባኤታት ድማ ይሃልውኩም።*
- *ናይ 10 መዓልታት ናይ ኢ-መይል ሓለዋ ምግባር - ነዚ ብኸመይ ከምትገብርዎ ኣጽንዑ!*
- ኣምላኽ ክግደሰሉ ስለዝኽእል … ካልእ ገለ ዘደንቕ ሓሳባት ከተምጽኡ ትኽእሉ ኢኹም።

ሓዲሽ ሓሳብ ንምፍጣር ኣይትሕመቑ። መንፈስ ኣምላኽ፡ ፈጣሪ መንፈስ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ንዓኻ/ንዓኺ ፈጢርኩም እዩ!

**መጠንቀቕታ፤** ኣመንቲ፡ “ክሳዕ ምጽኣት የሱስ” ብቐጻሊ ክገብርዎ ከምዝደልዩ ንምግላጽ፡ ብሓይሊ ክትንስኡ ንጽበ ኢና። ኣዚኹም ጥንቁቓት ኩኑ፤ ዕረፍቲ ውሰዱ፣ ብጥንቃቐ ወጥኑ እሞ ካልእ *10 መዓልታት* ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወይ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ዘሎ ግዜ ግበሩ። ኣብ መወዳእታ ድማ ካልኦት ሕብረታት ክሳዕ ንስኹም 24-7-365 (ብዘይምቁራጽ) ክትገብሩ ትኽእሉ፡ ምሳኹም ንኽሓብሩ ብምሕታት፡ ብቐጻሊ ክትገብርዎ ክትክእሉ ኢኹም።